ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈቱ ካብ ዝርከቡ ክፍልታት ንግልጋሎት ካፍተሪያ ዝውዕል ዓቕሚ ንዘለዎምን ትካል ንዘቀመጦም ረቆሕታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክህብ ስለ ዝደሊ ንዞም ቀፂሎም ተዘርዚሮም ዘለው ረቋሕታት እተማልኡ ኣካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 29, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ቀዳም የካቲት 9, 2016 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ቀዳም የካቲት 9, 2016 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/

1. ተጫረቲ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ /TN/ ከቕርቡ ዝኽእሉን ከምኡ እውን ናይ 2015 ዓ.ም ሕጋዊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም፣ ቫት ተመዝገብቲ ምኧንኩም መረዳእታ ክተቕርቡ ኣትኽእሉ፣

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኸበሪ ካብ ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ ትካል ናይ 5,000.00 ብር CPO ኣስሪሖም ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

3. ትካል ብተጫረቲ ንዝቀርቡ ናይ ምግብን ልስሉስ መስተን ግልጋሎታት ብተመጣጣኒ ዋጋን ደረጃ ፅሬቱ ብዝሓለወ ኣገባብ ንሰራሕተኛታቱን ዓማዊልን ከቕርቡ ብምሕሳብ ገዛ መብራህቲ ከምኡ ውን ማይ ኣብ ዘላትሉ ጊዜ ብነፃ ዘቕርብ ይኸውን።

4. ተጫረቲ ብክልተ ዓበይቲ መመዘኒ ረቋሕታት ማለት ቴክኒካውን ፋይናንሳውን መመዘኒታት ኣብ ግምት ብምእታው

4.1 ቴክኒካዊ መመዘኒታት

4.1.1 ብናይ ካፍተሪያ ኣወሃህባ ግልጋሎት ብቁዕ ክእለትን ልምዲ ወይ ተመኩሮ ዘለዎም ኾይኖም ቅድሚ ሐዚ ኣብ ዓበይቲ ትካላት ብተመሳሳሊ ግልጋሎት ናይ ዝሰርሕዎ ዝርዝር መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉ።

4.1.2 በቁዕ ግልጋሎት ንምሃብ ፅሬት ዘለዎምን ዘመናዊ ናውቲ መውዓይ ማሽን፣ ናይ ምግቢን መስተን መዝሐሊ ማሽን፣ ናይ ማይ መፃረይ ማሽን ደረጅኦም ዝሓለው ናይ ቴሌቭዥን እስክሪን ከምኡውን ዘመናዊ ፈርኒቸር ከማልኡ ዝክእሉ።

4.1.3 ንግልጋሎት ዝጥቀሙሎም ናይ ውዕይን ዙሑልን መቕረቢ ናውቲ ደረጃ ፅሬቶምን ዘመናዊነቶምን ዝሓለው ክኮኑ ይግባእ።

4.1.4 ኣብ እዋን ስራሕ ንሰራሕተኛታት ናብ ዘለውዎ ናይ ስራሕ ቦትኦም ናይ ልስሉስን ውዕይ መስተን ኣገልግሎት ወይ ሰርቪስ ከቕርቡ ዝኽእሉ።

4.1.5 ነቲ ግልጋሎት ዝህቡሉ ክፍልታትን ከባቢን ብዝተፈላለዩ መወቀቢ ብምጥቃም ናይ ምምልካዕን ሰሓቢ ናይ ምግባር ድልየትን ዓቅምን ዘለዎ።

4.2 ፋይናንሳዊ መመዘኒታት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4.2.1 በቲ ኣብ ቑፅሪ 3 ተገሊፁ ዘሎ መሰረት ንሕድሕድ ናይ ምግቢን መስተን ዓይነታት ብዝርዝር ዋጋን ማለት ናይ ስዕረት ናይ ፆም ምግቢ ዝሑልን ውዑይን መስተታት ብፅሬትን ብተመጣጣኒ ዋጋን ንሰራሕተኛታት ትካልን ዓማዊልን ክቅርብ ዝክእል።

4.2.2 ብቲ ዘቕረቦ ዝርዝር ዋጋ መሰረት ውዕል ንምእሳር ፍቃደኛ ዝኮነ።

5. ዝርዝር ቴክኒካውን ፋይናንሳውን መመዘኒታት ዝሓዘ ደኩመንት ካብ ዕለት ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣማ ማይክሮ ፋይናንስ ጨንፈር 50.00 /ሓምሳ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

6. ናይ ጨረታ ደኩመንት ብክልተ ፖስታ /ሽምዒ/ ነንበይኑ ዝተዓሸገ ኾይኑ እቲ ቀዳማይ ቴክኒካዊ መመዘኒታት ዝሓዘ ፖስታ እንትከውን እቲ ካልኣይ ፖስታ ድማ ፋይናንሳዊ መግለፂታት ወይ ናይ ሕድሕድ ዋጋ ዝርዝር ዝሓዘ ኮይኑ ምስተዓሸገ ኣብ ዝባኑ ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ተባሂሉ ክፀሓፈሉ ድሕሪ ምግባር ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ብሽምዒ ተዓሸጉ ክሳብ 09/06/2016 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ኣታዊ ክግበር ኣለዎ። ጨረታ ዝክፈተሉ በቲ ዕለት ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ብኣባላት ጨረታ ኮምቴ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ቤት ፅሕፈት ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኸቡ እውን እቲ ጨረታ ዝክፈት ይኸውን።

7. መጀመርያ ቴክኒካዊ መመዘኒታት ዝሓዘ ሰነድ ተከፊቱ ካብ ዝተቀመጠሉ ነጥቢ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምፅኡ ተወዳደርቲ ምስተፈለዩ ቀፂሉ ፋይናንሳዊ መግለፂ ዘሓዘ ዶክሜንት ተኸፊቱ ብናይ ኽልቲኡ ድምር ውፅኢት ዝለዓለ ነጥቢ ዝረከበ ተወዳዳሪ ሰዓሪ ጨረታ ይኸውን።

8. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ብውዕሉ መሰረት ዝፍፅም ምኻኑ ንምርግጋፅ ን90 መዓልትታት ዝፀንሕ ናይ 30,000.00 ብር ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional Peromance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፣

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ ተኸታተልቲ 5 መዓልትታት ናብ ደደቢት ምምሕዳርን ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ዋና ቢሮ ቐሪቡ ውዕሊ ክኣስር ኣለዎ።

10. ተጫረቲ ትካል ክማላኡ ኣለዎም ኢሉ ዘቀመጦም መዐቀኒታት ናይ ምምላእ ግዴታ ኣለዎም።

11. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡

12. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 315 ክ/ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle